# RÖSTA 13 SEPT

## ኣብ መዓልቲ ምርጫ መስከረም 13 ድምጺ ሃቡ!

### ሒዝካዮ ክትመጽእ ዘሎካ:

- ሰነድ መለለዪ መንነት: ከም መለለዪ ካርድ ወይ ፓስፖርት። መንነት ሰነድ ምሳኻ እንተዘይብልካ: ካልእ ሰብ መንነትካ ከረጋግጽ ዝኽእል ሰብ ሒዝካ ምምጻእ ይካኣል እዩ።
- ናይ ድምጺ ካርድ ተላኢኹልካ ግን ረሲዕካ እንተመጺእካ ናብ ዝምልከቶም ኣካየድቲ ምርጫ ኬድካ ሓገዝ ረኺብካ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ መድመጺ ካርድኻ ኣድራሻ ናይቲ ድምጺ እትህበሉ ቦታ ኣሎ። ናይ መድመጺ ካርድ እንተዘይብልካ: ወይ ርግጸኛታት እንተዘይኮንካ ብ 031-365 00 00 ደውልካ ሕተት ወይ ድማ ናብቲ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ነቑጣ ምርጫ ኬድካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል።

www.val.se

**ድምጽኻ ኣስምዕ!**

ፕሮጀክት RÖSTA ብABF Väst ዝካየድ ውድባዊ ጸግዒ ዘየብሉ ዘበገሶ ጎስጓስ ምርጫ እዩ። እዚ ዕላማ ኣብተን ABF Väst ዝንቀሳቐሰለን ኮሙናት ዲሞክራሲ ክሕይልን ብዛዕባ ምርጫ 2026 ተሳትፎን ኣፍልጦን ንክውስኹ ንጥፈታትን ምክያድ እዩ። እቲ ፕሮጀክት ቅድሚ ሕጂ ኣብ 2018ን 2022ን ተኻይዱ ነይሪ እዩ።

Hyresgästföreningen

ABF

# RÖSTA 13 SEPT

## ብዙሓት ሰባት ምስ ዘይመርጹ ዲሞክራሲ ይዳኸም። የተቦርን ምዕራባዊ ሸወደንን ድምጺ ኣብ ምሃብ ዓብይ ፍልልይ ኣለወን።

ሸወደን ን100 ዓመታት ኣድማሳዊ መሰል ድምጺ ከተተግብር ጸኒሓ እያ። ድምጽኻ ሕብረተሰብካ ንምጽላው ተጠቐመሉ።

ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ዝሓሸ መነባብሮ ክህልወካ ድምጽኻ ሃብ። ኩሉ ግዜ ስም ከይገለጽካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። እንታይን ንመን ከም ዘድመጽካ ዝፈልጥን ዘጻርን ሰብ የልቦን።

**ድምጽኻ ኣገዳሲን ለውጢ ዘምጽእን እዩ!**

ኣብ ሸወደን ንሰለስተ ዓመታት ከም ነባሪ እንተተመዝጊብካ ኣብ ናይ ኮሙንን ዞባውን ምርጫ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ሸወደናዊ ዜጋ ምስ ኣትኸውን ኣብ ምርጫ ባይቶ: ዞባውን ኮሙንን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

# መን እዩ ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎ?

### ንሃገራዊ ባይቶ:

- ንስኻ 18 ዓመት ዝመልእካ ሽወደናዊ ዜጋ ዝኾንካ።

### ንቤት ምኽሪ ኮሙናትን ዞባውን:

- ንስኻ 18 ዓመት ዝመላእካ
- ንምምራጽ ሽወደናዊ ዜጋ ምኻን ኣየድልየካን እዩ። ቅድሚ መዓልቲ ምርጫ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ኣብ ሽወደን ተመዝጊካ ዝጸናሕካን ።

# ከመይ ትመርጽ?

- ኣብ ሰለስቲኡ ምርጫታት ክትመርጽ እንተተፈቒዱልካ ሰለስተ ናይ ድምጺ ፖስታ ክወሃበካ እዩ።
- ሽወደናዊ ዜጋ እንተዘይኮይንካ ኣብ ክልተ ምርጫ ክትመርጽ ይፍቀደልካ: ክልተ ናይ ድምጺ ፖስታ ክወሃበካ እዩ።
- ናይ ኩለን ፓርትታት ናይ መድመጺ ወረቐት ኣብ ናቑጣ መድመጺ ይርከብ: ብጫ ንሃገራዊ ባይቶ: ሰማያዊ ንቤት ምኽሪ ዞባ ጻዕዳ ንቤት ምኽሪ ኮሙን ዝኸውን።
- ዝደለኻዮ ናይ መድመጺ ወረቐት ክትወስድ ትኽእል። ኣብቲ ናይ ድምጺ ወረቐት ንሓደ ሰብ ምልክት ክትገብር ትኽእል ኢኻ: ወይ ከይትገብር ትኽእል።
- ነፍሲ ወከፍ ወረቐት ድምጺ ከይዓጸፍካ ኣብ ፖስታ ድምጺ ኣእቱ።
- ናይ ድምጺ ፖስታኻን መለለዪ መንነትካን ሒዝካ ናብ ነቕጣ ምርጫ ኪድ። ስምካ ሪኦም ምልክት ክገብሩልካ እዮም። መድመጺ ፖስታኻ ተቐቢሎም ኣብ ሳጹናት ድምጺ ከእትውዎ እዮም።

# ኣብ ሽወደን ዲሞክራሲ ከመይ ይሰርሕ:

ሽወደን ናይ ውክልና ዲሞክራሲ እያ። እዚ ማለት ህዝቢ ኣብ ነጻ ምርጫ ፖለቲከኛታት ይመርጽ። ብደረጃ ሃገር: ዞባታትን ኮሙንን ዝምልከት ኣብ ውሳኔታት ዝሳተፉ ፓርትታትን ውልቀሰባትን ንመርጽ

### ከመይ ከም ዝሰርሕ ኣብዚ ኣሎ:

- ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ኣየኖት ፓርትታት ዝውከላ ኢና ንመርጽ።
- ሓንቲ ፓርቲ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ንምእታው ልዕሊ 4% ድምጺ ክትረክብ ኣለዋ።
- ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸባ ፓርትታት መንግስቲ ክምስርታ ይኽእላ እየን።
- መንግስቲ ሃገር የማሓድር: ሚኒስተራት ይመርጽን ዝተፈላለዩ ትካላትን ደፓርትሜንትታትን የቐውም።
- እተን ትካላት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ከም ትምህርቲ ወይ ክንክን ጥዕና ይሰርሓ።
- እቶም ሰበስልጣን ንትካላት ህዝባዊ ኣገልግሎትን ስራሕን ከምኡውን ቦርድ ስደትኛትት ሽወደን የቑሙን ይመርሑን።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ሓደ ጊዜ ንባይቶ: ዞባታትን ኮሙናትን ሃገራዊ ምርጫ ነካይድ ።

### ብኣግኡ ድምጺ ሃቡ!

- ካብ 26 ነሓሰ ጀሚሩ ብኣግኡ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኣብ መላእ ሃገር ኣብቲ ኣቐዲምካ ድምጺ ዝወሃበሉ ቦታታት ኬድካ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

### ኣብ መዓልቲ ምርጫ መስከረም 13 ድምጺ ሃቡ!

- ኣብ መድመጺ ካርድኻ ኣድራሻ ናይቲ ድምጺ እትህበሉ ቦታ ኣሎ። ናይ መድመጺ ካርድ እንተዘይብልካ: ወይ ርግጸኛታት እንተዘይኮንካ ብ 031-365 00 00 ደውልካ ሕተት ወይ ድማ ናብቲ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ነቑጣ ምርጫ ኬድካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል።